ተዓወት ተዓወት
ሓቐኛ በዓልኡኖት
ሕጊ ዝሕላገቱ
ሓቦ ዝቕናቱ
ትዕግስቲ ዝደረቱ
ብልሒ ዝኣንፈቱ
ሓቢሩ ተመኪቱ
ወይልኩም ጸላእቱ
ኣየ ተባዕ ወድኤረ
ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ምስጀመረ
ንኣመሪካ ሰገረ ተባራበረ
ከደ ከደ ነደረ ተኣሳሰረ
በታ ቀጣን ዘንጊ
ቆመ ንሕጊ
እወሓስ በለ
ኣግብእ ተኸተለ
ንህግደፍ ነዚ ዓማጺ
የእተናሉ ነውጺ
ህግደፍ ዝምጹ
መሰልና ረጊጹ
ሕግና ቅልሚጹ
ኣፍና ሎጊሙ ኢድና ኣሲሩ
ስልጣን ህዝቢ ከቲሩ
ክነብር እደሊሎ ንሓዋሩ
ኣየ ህግደፍ ጠላም ሕድሪ
ዘይግቡር ገባሪ
ዘይከውን መካሪ
በል ሎምስ ቅበጽ ቅበጽ
ከብቅዕ ኣዩ ዓመጽ

ህዝና ተላዒሉ
ኣብ ኣለም ኩሉ
ክተት ተባሂሉ
ንወድሃገር ኩሉ
ብሰላማዊ ሰልፌቢሉ
ናብ ሞንተ ነቂሉ
ዘንጉ ገቲሩ ደብተሩ ኣልዒሉ
እወሓስ ንጫባበጥ ኢሉ
ምውንጃል ገዲፍኩም ኣግብእ ተከተሉ
ብሕጊ ዓዶባና ብህጊ ዓለምና
ብደብተር ቀሊምና
ብቃላት ኣፍሲስና
ዘንጊ ተመርኺስና
ፈርጊ ተዓጢና
ዓደቦ ኩልና
ሕድሪ ተጠሊምና
ቅዋም ተሰሪቅና
መሰል ተቀንጢጥና
ብጥሩሑ ተገዚእና
ብዘይ ገበን ተኣሲርና
ጥብቅነት ተከልኪልና
ዓቅልጽበት በርቲዑና
ዓቅሚ ጹሮት ዊሒድና
ሃገር ገዲፉ እጠፍእ ኣሎ ህዝብና
ሓሶት ተበልኩም እዋሓስ ንብለኩም ኣሎና
እማን ተበልኩም ኪሒስኩም ስልጣን ኣረክቡና
ንጫባባጥ ንጫባበጥ
ኣይንዋናጀል ኣይንቓናፈጥ
ላም ብኢዳ ዝቀርባ ብእግራ ትሓክክ

መራሕ ህግደፍ መስ ደቂሃገር ገዲፉ ምስቓኖት እውክክ

አብገዛካ ገስረጥ ወሃለ ጎሮቤት
አብገዛካ ህውከት ሰላም ኣብጎሮቤት
ኣብእንዳካ ስሚ መዓር ንጎረቤት
ሓቂ ዘይብሉ ሕማቅ ሕልምካ
ዲሞክራሲ ንጎረቤት ምልኪ ንገዛካ
ሓቂ ዘይብሉ ሓሳዊ መሲሕ ኢካ
ሓሩጭን ሓሶትን
ሓይልን ትዕቢትን
ኣይትእመኑ
ተወዳኣይ እዩ በኒኑ
ሓቅን ትዕግስትን
ፍልጠትን ብልሓትን
እምነትን ጽንዓትን
ልቦናን ዕግበትን
ማንዴላን ብቅዓትን
ሰውራደሃብን ጽቡቅ ታሪኩን
ታሪክን ምስክርን
ኣህዛብን ሕግታትን
ግን ነበርትን ቀጸልትን

ዓወት ንጭቁን ህዝቢ ኤርትራ
ውድቀት ንሰብ ጉራ ፈከራ

ተስፋልደት/ገ/ስ